ሓፈሻዊ ሆስፒታል ዉቕሮ ደ/ከ/ስራሕ/ዕደ/ፋይ/ንብ/ምም/ርን ዘለዎ ናይ ኦክስጅን ስሊደራት ካብ መደበኛ ወይ ወሸጢ ኣታዊ ዝፀደቐ በጀት ዝክፈል ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ውዕሊ ኣእሲሩ ኦክስጅን ከምልእ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ መጋቢት 2, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መጋቢት 11, 2017 04:00 ቅ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3000
- ቦታ:ዉቅሮ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መጋቢት 11, 2017 04:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኤሌክትሮ-መካኒክስ ኣቁሑትን ግልጋሎትን/ ጥዕና ተንከፍ ዝኮኑ ግልጋሎት/

ንካልኣይ ግዜ ዝወፀ ምልክታ ግልፂ ጨረታ

ሓፈሻዊ ሆስፒታል ዉቕሮ ደ/ከ/ስራሕ/ዕደ/ፋይ/ንብ/ምም/ርን ዘለዎ ናይ ኦክስጅን ስሊደራት ካብ መደበኛ ወይ ወሸጢ ኣታዊ ዝፀደቐ በጀት ዝክፈል ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ውዕሊ ኣእሲሩ ኦክስጅን ከምልእ ይደሊ። ስለዚ ኣብ ታሐቲ ዝተጠቀሰ ረቋሒ እተማልኡ ንክትወዳደሩ ይዕድም።

ሀ. ተጫረትቲ ከማልእዎ ዝግባእ ነጥብታት/ረቋሒታት/

1. በቲ ዓውደ ስራሕ ናይ ዘመነ ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቃድ ከምኡ እውን ቲን ናምበርን ኣብ ትልምን ፋይናንስን ብመቕረባይነት ዝተመዝገቡን ኦሪጂናልን ኮፒን ከቅርብ ዝክእል

2. ንጨረታ መክበሪ ትሕጃ ብር 3000 /ሰለስተ ሽሕ ብር/ ብጥረ ገንዘብ ወይ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ሲፒኦ/CPO/ ከትሕዝ ዝክእል

3. ናይዚ ጨረታ ሰዓራይ ምኳኑ ካብ ዝተነገረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 6 መዓልቲ ብዝሰዓሮ ዋጋ ውዕሊ ክኣስር ዝክእል ጥራሕ ይወዳደር

4. ጨረታ ዝሰዓረ ውዕሊ እንትኣስር ካብ ዝሰዓሮ ጠቅላላ/ድምር/ ናይ ሓደ ዋጋ 10% ንውሕስና ኣፈፃፅማ ስራሕ /መኽበሪ ውዕሊ/ ካብ ዝተፈለጠ ባንኪ ዝተረጋገፀ ቸክ ወይ ኣብ ኵነታት ዘይተመስረተ ዉሕስና ወይ ጥረ ገንዘብ ከትሕዝ ዝክእል።

5. ተጫረትቲ ካብ ዝተመልአ ሕድሕድ ኦክስጅን ስሊንደር ዝርዝር ናይ ሐደ ዋጋ ድምር ዝተሓተ ብምውሳድ ሰዓራይ ዝኸውን ምኳኑ ኣሚኖም ክወዳደሩ ዝክእሉ

6. ተጫራታይ ዝተወደአ /ዝምላእ ስሊንደር/ እንተጋጥም ናብ እዚ ጨረታ ዝሰዓረ እንትልእክ ቆፂሩ ብመረካከቢ ቅጥዒ ክርከብን ብትክክል መሊኡ ናብ ሆስፒታልና ክልእክን ዝክእል ምኳኑ ኣሚኑ ክወዳደር ኣለዎ።

7. ሰዓራይ ኮይኑ ዉዕሊ ዝኣሰረ ተጫራታት እቲ ዝምላእ

ኦክስጅን ፅሬቱን ብትክክል ምምልኡን ዓቂኑ ንሓሆስፒታልና ሰብ ሞያ ከረክብ / ከቅርብ/ ዝክእል ምኳኑ ኣሚኑ ክወዳደር ኣለዎ

8. በዝሒ ዝምላእ ስሊንደር ዝምልከት ሆስፒታልና በቢ ግዚኡ ንክምልኣሉ ብዝልእኮ በዝሒ መሰረት ይከዉን።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ለ. መምርሒ ተጫረትቲ

1. ሰነድ ጨረታ ካብ ዕለት 02/07/2017 ዓ/ም እስካብ ዕለት 11/07/2017 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ዘይምለስ ብር 50 ብምክፋል ካብ ሓፈሻዊ ሆስፒታል ውቅሮ ደ/ከ/ስራሕ ዕደ/ፋይ/ ንብ/ምም/ርን ምውሳድ ይከኣል።

2. እዚ ጨረታ ዕለት 11/07/2017 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ተዓፅዩ በቲ ዕለት ባዕሎም ወይ ሕጋዊ ወኪሎም ኣብ ዝተረከብሉ ሰዓት 4፡30 ይኽፈት።

3. ተጫረቲ ኣብ ዝተዳለወ ሰነድ ጨረታ ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ ዋጋ ኣቀሚጦም ኣብ ዝተዓሸገ ፖሰታ ኮፒን ኦሪጂናልን ኢሎም በበይኑ ከቅርቡ ይግባእ እቲ ኦርጂናል እቲ ጨረታ ምስተከፈተ ዝምለስ እዩ።

4. ተጫረትቲ ኣብ ዘቅርብዎ ዶኩመንት ሽሞም/ሽም ትካሎም/ ፊርመኦምን ማህተምን ከዕርፉ ኣለዎም

5. እቲ ጨረታ ብዝተፈላለየ መልክዑ ከዛብዑ ዝፍትኑ ተጫረትቲ እቲ ቤት ፅሕፈት ካብ ጨረታ ወፃኢ ጌሩ ንቐፃሊ ከይሳተፍ ይገብር።

6. ተጫረትቲ ድሕሪ ሳፁን ምኽፋቱ ጨረታ ኣይሳተፍን ምባል ኣይፍቀድን ከምኡ እውን ንዝበለ ዘትሓዞ መከበሪ ጨረታ ትሕጃ ኣይምለሰሉን ናብ መንግስቲ ኣታዊ ይኸውን/።

7. ተጫረትቲ ኣብ ጨረታ ሰነድ ሕቶ መብርሂ / ወይ መማሓየሺ እንተሃልይዎም ናይ ጨረታ መኽፈቲ 5' መዓልቲን ልዕሊኡን እንትተርፎ ናብ ቤት ፅሕፈትና ብፅሑፍ ከቅርቡ ዝኽእሉ ምኳኖም

8. ሰነድ ጨረታ ካብ ናይ ባዕልና ቅጥዒ ወፃኢ ምጥቃም ኣይፍቀድን።

9. ተጫረትቲ ኣብ ጭረታ ምክፋት ዕለትን ሰዓትን ብዘይምርካቦም ናይ ጨረታ ምክፋት ስነ ስርዓት ኣይተኣጓጎልን።

10. ሰዓራይ ምኳኑ ዝተነገረሉ ተጫራታይ እቲ ውዕሊ በቲ ዝሰዓሮ ዋጋ ክሳብ ሰነ 30/10/2017 ዓ/ም ውዕሊ ዝኣስር /ዝፀንዕ/ ኮይኑ ከከም ኩነታቱ ብናይ ክልቲኦም ተወዓዓልቲ ስምምዕነት ማለት እዚ ጨረታ ስዒሩ ዉዕሊ ዝኣሰረን ሓፈሻዊ ሆስፒታል ዉቅሮን ስምምዕነት መሰረት ንቐፃሊ ዓመት በዚ ዉዕሊ ዝተኣሰሮ ዋጋ ክቕፅል ዝክእል ምኳኑ ኣሚኑ ክወዳደር ኣለዎ።

11. ቤት ፅሕፈትና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኺቡ እቲ ጨረታ ብክፋል ይኹን ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ሕሉው እዩ።

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle